ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ
ዞባ ማእከላይ ምብራቕ

المجلس الوطنى الإرتري للتغيير الديمقراطى
اقليم الشرق الاوسط

Eritrean National Council for Democratic Change
Middle East Region

ዕለት ፡ 6/8/2013

ጉዳይ ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣመልኪቱ ፡ ብስም ሃገራዊ ባይቶ ዝተወሃበ መግለጺ ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎና መርገጺ ንምሕባር።

ክቡር ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ

በመጀመርያ ሰላምታና ነቕድም።

ብምቕጻል ፡ ንሕና ኣባላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ፡ ነቲ ኣብ ደምዳሚ ኣዋጅ ዝወጸ መግለጺ ንምርኣይ ኣብ ዕለት 6/8/2013 ህጹጽ ኣኼባ ድሕሪ ምክያድና ፡ እዚ ዝስዕብ ሓባርዊ መርገጺ ከምዝወሰድና ክንሕብር ንፈቱ።

ብመጀመርያ ነቲ ብስም ባይቶ ዝወጸ ደምዳሚ ኣዋጅ ብደቒቕን ብዕምቆትን ድሕሪ ምርኣይ ፡ እቲ ብወገንኩም ዝተወሰደ ስጉምቲ መሰረት-ሕጊ ዘይተሞርኮሰን ክብረት ህዝብን ፤ ዕድመ ባይቶን ኣብ ግምት ዘየእተወን ዘይቅኑዕን ኮይኑ ስለዝረኸብናዮ ፡ ንሕና እዞም ኣብ ታሕቲ ስምና ሰፊሩ ዘሎ ኣባላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ዝኾንና ፡ በቲ ኣብ “ መሰል ኣባል” ዝብል ዓምዲ-ሕጊ ሰፊሩ ዘሎ መምርሒ ምርኩስ ብምግባር ነቲ ንኣቦ መንበር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ንምንጻል ዝተበየነ ውሳኔኹም ብሙሉእ ድምጺ ከምዘይንቕበሎን ከም እንቃወሞን ንገልጽ።

ውሳኔኹም ብሚዛን ሕጊ ክረኤይ እንከሎ ንኹሉ መስረታዊ ሕጋጋት ዝጠሓሰን ፡ ኣብ ዓንቀጽ 27 / ዓንቀጽ 55 / ዓንቀጽ 75 / ዓንቀጽ 20 ሰፊሩ ዘሎ መምርሒ ደንቢታት ኣብ ግምት ዝየእተወን እዩ። ብፖለቲካዊ መለክዒ ክረኤይ እንከሎ ድማ፡ ኣዝዩ ሓደገኛን ኩሎም ኣባላት ደምበ ተቓውሞ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ኮይኖም ንኽይሰርሑ ዝዕንቅፍን ትጽቢታት ህዝቢ ኤርትራ ዘምክንን ክብረት ህዝቢ ዘነኣእስን እዩ ።

ስለ’ዚ እቲ ውሳኔኹም ብጠቕላላ ክረኤ እንከሎ ፡ ሰላማዊን ደሞክራስያዊን መንገዲታት ዝጠሓሰን ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘኸትልን ፡ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ ዝጉዕጽጽን ክንዲ ክንዲዝኾነ ፡

ውሳኔኹም ብቕልጡፍ ክትስሕብዎን ነቲ ኣብ ባይቶ ፈጢርኩሞ ዘለኹም ዘየድልይ ህዋሁ ከተዔርይዎን ለባም ስጉምቲ ክትወስዱን ንጽውዕ።

ብተወሳኺ ኩሎም ኣባላት ባይቶ ኣብ ሓድነትን ረብሓን ናይ ባይቶ ሰረት ዝገበረ ንጹር ዝኾነ መርገጺ ክወስዱ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ጻውዒትና ነቕርብ።

የቐንየልና ።

ኣባላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘባ ማእከላይ ምብራቕ :-

- ኑር መሓመድ እድሪስ
- ዑስማን ሮሞዳን ዑስማን
- ዒሳ ሰይድ
- ራህዋ መሓመድ ሓጎስ
- ማሕሙድ ሓምድ እድሪስ

---

ቅዳሕ ፡ ንዶ/ር ዩሱፍ - ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

፡ ንኹሎም ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ

፡ ንሓላፊ ኮሚቴ ሕጊን ቅዋምን